# ዕውት ኣኼባ ኣባላት፡ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ንኡስ ጨንፈር ደቡብ ጀርመን

ብዕለት 29 ጥቅምቲ 2011 ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ንኡስ ጨንፈር ደቡብ ጀርመን ናይ ኣባላቱ ዓመታዊ ኣኼባ ኣካይዱ። ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ክቡር ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ብጻይ ጴጥሮስ ጸጋይ ተሳቲፉ ነይሩ። እዚ ኣብ ትሕቲ 20 ዓመታት ሓበን ዝብል ጭርሖ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ብብጻይ ጴጥሮስ ጸጋይ ሰፊሕ ህልዊ ኩነታት፡ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ሃገርናን ተጻባእነት ግዳማውያን ሓይልታት ገሊጹ። ስዒቡ ንዝቀረበሉ ሕቶታት ዘዐግብ መልስታት ሂቡሉ።
ቀጺሉ ብንኡስ ዞባ ጀርመን ክድዓትን ጥልመትን፣ ናይ ከደምቲ ከደምትን በንጻሩ ድማ ተራ ኣባላትን ቀሪቡ። ኣብዚ ሰፊሕ ክትዕን ርእይቶን ድሕሪ ምክያድ መኸተና ንኽድዓት፡ ልዑል ዓቅምናን ትሕዝቶናን ድማ ንልምዓት ከም ወትሩ ኣስሚሮምሉ። ስዒቡ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ጉጅለታት ብንኡስ ጨንፈር ደቡብ ጀርመን ቀሪቡ። ኣብዚ ሓፈሻዊ ገምጋም ንጥፈታት ጉጅለታት ከም ልሙድ ኣብ ጉድለታትን ክስራሕ ዝግብኦን ብምትኳር ምስ ዘተየ፡ ናይ መጻኢ መደባት ድሕሪ ምስራዕ ኣኼብኡ ዛዚሙ።

ነዚ ኣብ ትሕቲ 20 ዓመታት ሓበን ዝተኻየደ ዕዉት ኣኼባ ብምግምጋም ዘለዎ ሞጎስን ሓበንን በዚ ዝስዕብ ውሳኔታት ብምሕላፍ ወጺኡ።

# ውሳነታት ኣኼባ

ንሕና፡ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ንኡስ ጨንፋር ደቡብ ጀርመን፡ ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ኣብ ዝተረኸበሉ፡ ብዕለት 29 ጥቕምቲ 2011 ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት፡ ብኤሪትራዊ ኒሕን ውዕዉዕ መንፈስን ንህልዊ ኩነት ሃገርን ከባቢናን ከምኡ'ውን ዓለማዊ ጽልዋ ኣብ ከባቢና ዘተኮረ ሰፊሕ ዘተ ድሕሪ ምክያድ፡ እዚ ዝስዕብ ውሳኔታትን ለበዋታትን ነመሓላልፍ፥

- ምስጢር ዓወትና ሓድንትናዩ! ሓድነትና ክበታትኑ ዝፍትኑን፡ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ እናተዋፈሩ ነዛ ብደም ስዉኣትና ዝመጸት ሃገር ዳግም ኣብ መቑሕ መግዛእቲ ንምእታው ዝሕልኑን ዘለዉ ሃሱሳትን ከዳዓትን ኣትሪርና ንኹንን።
- መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቓ ብሓፈሻ፡ ኣብ ሶማልን ሱዳንን ከኣ ብፍላይ ሰላምን ምርግጋእን ንምስፋን ዝጻወቶ ዘሎ ወሳኒ ተራ፡ ሽግር ኣፍሪቃውያን ብኣፍሪቃውያን ክፍታሕ ከምዝኽእል ብግብሪ ዘረጋገጸ ብርቂ ኣብነት፡ ሓበንና ብምግላጽ፡ ሃገርና ኤሪትራ፡ ሓገዝ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ንኽይፍለያ ነማሕጽን።
- ባይቶ ጸጥታ ሕ.ሃ. ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ምርግጋእን ክነግስ ዝደልን፡ ሕግታቱ ዘኽብርን እንተድኣ ኮይኑ፡ ቅድሚ ዝኣገረ ኢትዮጵያ ኣብ ቅድሚ ኣውሓስትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ዝፈረመቶ ውዕል ኣልጀርስ፤ ቀያድን ናይ መወዳእታን ዝኾነ ውሳኔ ኮሚሽን ደብ ኤርትራን ኢትየጵያን

ክትቕበልን ክተኽብሮን፡ ድርብ መለኪዓታቱ ገዲፉ፡ ከስገድዳ ሓላፍነቱ ክልዕል ንጠልብ።

- እቲ ብስም ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰነ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ብይን፡ 1907/2009፡ ደጊምና ብትሪ እንዳኾነንና፡ ብህጹጽ ክሰሓብ ንጽውዕ።
- ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን መሪሕ ተራ ብምጽዋት ንኹሉ ክመጽእ ዝኽእል ተጻብኦታትን ውዲታትን፡ ክንምክት ኣብ ጎኒ መንግስትናን ህዝብናን ከምዘለና ነረጋግጽ።
- ብወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ዝሰላሰል ዘሎ ዓውድታት ህንጸትን ልምዓትን ሃገር እንዳ ሞጎስና ኣብ ህንጸት ሃገር ተሳትፎና ከነዕቢ ቁሩብነትና ደጋጊምና ንገልጽ።
- ህዝቢ ኤርትራ ቀዳማይ ግዳይ ግብረ-ሽበራ ክነሱ፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራን ህዝባዊ ግንባርን ንምጽላምን ንምክፍፋልን ዝግበር ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ጸለመታት ኣትሪርና ንኹንን።
- መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤሪትራ ክኽተሎ ዝጸንሐን ዘሎ ግጉይ ፖሊሲ ኣብቂዑ፡ ኣብ ሽርክነትን ምሕዝነትን ዝተሞርኮሰ ክልተኣዊ ዝምድና ክካይድ ንጽውዕ።
- ሃገርና ኤርትራ ኣብዚ እዋን'ዚ ብዝተፈላለየ ኩርናዓት ንልኡላውነታ ዝፈታተን ተጻብኦታት የጓንፋ ኣሎ። ባዕዳዊ ተጻብኦ ኣብ ኤርትራ ናይ ነዊሕ ዘመናት ታሪኽ ዘለዎ ኢዩ። በንጻሩ ኸኣ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንኽብቢናን ንዓለምን ዘመስከረ መኸተ፡ መኸተ ጽንዓትን ዓወትን ኢዩ። እዚ ኣብ ድቕድቕ ጸልማት፡ ዓቢ መስዋእቲ ከፊሉ ህላዌኡ ዘረጋገጸ ህዝቢ፡ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ክምብርከኽ ዘይሕሰብ ከም ዝኾነ ኣንዳኣዘኻኸርና፡ ሕጂ'ውን ከም ወትሩ መኸተና ኣበሪኽና ካባና ዝሕተት ዘበለ ሞራላውን ንዋታውን ሓገዛት ክነማልእ ቁርባት ከምዘለና ቃል ንኣቱ።
- ተሓቢንና ንሕበነላ ሓድነት ህዝብና፡ ሕማም መርዘን ንተጻባእቲ ስለ ዝኾነት ወትሩ ነዛ ክብሪ ዘውዲ ሓድነት ዝተናኸፍ ኣይንጸወሮን ወይለኻ ኸዳዕ ከኣ ንብሎ።
- ብድልየትና ንነወፍዮ ሓገዝ፡ ንመንግስትናን ህዝብናን ዝዓግተና የለን። ወይ ክዓግተና ንዝፍትን ሓይሊ ኣትሪርና ንቃወም።

ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!

መጉስ ንመኸተ ህዝቢ ኤርትራ!

ኩርዓት ንሓይልታት ምክልኻል!

ዓወት ንሓፋሽ!

ስእሊ ንምርኣይ ኣብዚ ጠውቑ ሽቱትጋርት፡ 29 ጥቕምቲ 2011